# ኲነታት ሕጂ ዕቱብ እዩ – ምርጫኻ ወሳኒ እዩ

## ሓደስቲ ከባብያዊ ሓፈሻዊ ምኽርታት ኣብ ካልማር

- ኣብ ሰብ ዝእከብሉ ውሽጢ ቦታታት ካብ ምኺን ተቈጠብ - ንኣብነት ድኳናት፡ማእከል ዕዳጋ(ሾፒን ሰንተር)፡ ቤተ መዘክር፡ቤተ መጽሓፍቲ፡ መሐንበሲ ቦታን ጂምን።ካብ'ዚ ምቊጣብ ነጻ ክኾኑ ዝኽእሉ ግድን ክትኽዶም ዘለካ ቦታታት ከም ድኳናት መሸጣ መግብን ፋርማቻታትን ክኾኑ ይኽእሉ።



- ካብ ኣኼባታት፡ምርኢታት ሙዚቃ፡ተዋስኦታት፡ግጥማትን ውድድራትን ምስታፍ ተቈጠብ።ነቲ ናይ'ቶም 2005 ወይ ድሕሪኡ ዝተወልዱ ቈልዑን መንእሰያትን መለማመዲ ቦታ፡እዚ ምቊጣብ ምኽሪ ኣይምልከቶምን እዩ።



- ካብ'ቶም ምሳኻ ዝነብሩ ሰባት ወጻኢ ምስ ካልኦት ሰባት ኣካላዊ ምትንኻፋት ካብ ምፍጻም ተቈጠብ።ጽምብላት(ፌስታታት) ኣይተዳሉ ወይ ኣይትሳተፍ።

